

# በዓለ ሆሣዕና

ብኣባ ዓውተ ወልዱ ማ. ሲቶ

# PALM SUNDAY

by Fr. Awte Woldu, O.Cist.

sebabit2@yahoo.com

ሆሣዕና ማለት *"ሕጂ ኣድኅን"* ማለት ኢዩ።

ሕዝቢ እስራኤል፡ ኣብ ትሕቲ ባርነት ፎርዖን፡ ብጭንቅን መከራን ጭቛናን ክነብሩ ከለዉ፡ ብሙሴን ኣሮንን ገይሩ፡ ነፍስ ወከፍ ኣቦ ስድራ፡ ዓመት ዝገበረ፡ ጕደሎ ኣካል ዘይቦኑ፡ ተባዕታይ፡ ጤል ወይ በጊዕ፡ ብዓሥረይቲ መዓልቲ ናይታ ወርኂ ፋሲካኦም ክሐሪ፡ ክሳብ መበል ዓሥርተ ኣርባዕተ መዓልቲ ናይታ ወርኂ እቲኣ ክሕልዉዎ፡ ብመበል ? መዓልቲ ከዓ ሐሪዶም ንኽልቲኡ ቐዋሚ ልደትን፡ ላዕለዋይ ልደትን ናይታ ዝበልዑላ ቤት፡ ካብቲ ደም ወሲዶም ክለኽይዎ፡ እግዚኣብሔር ትእዛዝ ሃቦም።(ዘፀኣት 12፡21-22)

እዚ ኃጢኣትን ጕድለትን ዘይብሉ ተባዕታይ ገንሸል ፋሲካ ብደሙ ገሩ ካብ ሞትን ኃጢኣትን ሓራ ናይ ዘውጽኣና ክርስቶስ ኣምሳል ኢዩ።

ከምቲ እቲ ገንሸል ብዕሊ ተሓሪዱ ድሕሪ ሐሙሽተ መዓልቲ ዝሕረድ ዝነበረ፡ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሐሙሽተ መዓልቲ ቅድሚ ሞቱ፡ "ሆሣዕና! ንወዲ ዳዊት እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ቡሩኽ ኢዩ!" (ማቴ 21፡9) እናተባህለ ብዕሊ ከም በጊዕ ፋሲካ ዝተሓርየሉን፡ ብጸላዕቱ ብጥብቂ ሐለዋ ዝተገብረሉን እዋንን ተፍጻሜትን የመልክት።

ክርስቶስ፡ ኣብ ዕለተ ሆሣዕና፡ ብሕዝባዊ ሆይታን ጭርሖን ተሐረዩ፡ ብዕለት ዓርቢ ስቅለት፡ ምእንታና ተሠዊዑ።

ተኣምራትን ትእምርትን ክሠርሕ ከሎ፡ "ገና ጊዜይ ኣይኣኸለን፡ ንማንም ኣይትንገሩ" ዝብል ዝነበረ፤ ብዓቢይ ዓጀባ፡ ዓበይቲን ነኣሽቱን፡ ጻላእቱን ፈተውቱን እናረኣይዎ፡ ብኣፍ ዓበይቲን ሕፃናትን እናተናእደን እናተመስገነን፡ ብልዕልናን ብትሕትናን፡ ንጉሥ ሰማይን ምድርን ክርስቶስ፡ ኣብ ልዕሊ ሱራፌልን ኪሩቤልን ዝነብር፡ ኣብ ገልገል ኣድጊ ተወጢሑ፡ ንኢየሩሳሌም ኣተወ። ሕዝቢ፡ ገሊኦም ክዳውንቶም ኣብ መገዲ እናንጸፉ፡ ገሊኦም ድማ ካብ ኣእዋም ጨንፈር እናሰልዑ፡ ኣብቲ መገዲ ይንስንሱ ነበሩ። (ማቴ 21፡8)

ገሊኣቶም ፈሪሳውያን *"መምህር ንደቂ መዛሙርትኻ ገስጾም"* ምስበልዎ *"እዚኣቶም እኳ ስቅ እንተበሉ እዞም ኣእማን ኪጭርሑ እዮም እብለኩም ኣሎኹ"* በሎም (ሉቃ.19፡34-4)

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንበጊዕ ፋሲካ ሓሪዮም ንሕዝቢ ኣብ ዘርእዩሉ መዓልቲ፡ በጊዕ ሓቀኛ ፋሲካና ከም ምዃኑ መጠን፡ ብዓጀብን፡ ኵሉ ሰብ እናረኣዮን እናተኸተሎን፡ ንኢየሩሳሌም ዝኣተወ፡ ናብ ምስጢረ ሕማምን ሞትን ትንሣኤን ገጹ ክጕዐዝን ፡ ክሳብ ሞት ተኣዛዚ ክኸውንን ኢሉ ኢዩ።

ንሱ፡ ብባህሪኡ እኳ ኣምላኽ እንተኾነ፡ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ማዕርነት "ኣይገድፍን" ኢሉ ኣይተኸራኸረን። እንተኾነ፡ ሰብ ብምዃን፡ መልክዕ ባርያ ብምውሳድ፡ ብገዛእ ፍቃዱ ንርእሱ ድኻ ገበረ። (ፊል 2፡6-7)

ብሓቂ ከሃሊ ኵሉን ተሐዝ ኵሉን ከሎ ንኣና ከሃብትም ድኻ ኰነ።

- ካብ ገፌፍቲ ዓሳ መርከብ ተለቂሑ ካብኣ ሰበኸ
- ንብዙኃት ከጽግብ ሓምሽተ ኅብስትን ክልተ ዓሳን ተለቀሐ
- ዝቅበረሉ ቦታ ከይተረፈ ናይ ለቃሕ ነበረ
- "ሆሣዕና! ንወዲ ዳዊት" እናተባህለ ንኢየሩሳሌም ኣብ ዝአተወሉ ከዓ፡ ኣድጊ ተለቀሐ። ኣብዚ ናይ መወዳእታ ግን ሓደ "ስከምንታይ ትፈትሕዎም ኣሎኹም" ንዝሓተተኩም "ጐይታ ይደልዮ ኣሎ በልዎ" ብምባል እቲ ኵሉ ዘሎና ህያብ ኣምላኽ ምዃኑ ይገልጽ።(ሉቃ 19፡31)

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ እታ *"ሰዓተይ ሓይኣኸለትን"* (ዮሐ.7፡6) ዝብላ ዝነበረ ከም መደብ ኣምላኽ ስለዝኣከለት፡ ብዕሊ ንኢየሩሳሌም ብዓቢይ ዓጀባ ኣተወ።

ነቲ ዝምህሮ ዝነበረ ሓቂ፡ ኣብ ተግባር ዘውዕለሉ፡ ከም ፍቃድ ኣምላኽ፡ ምእንቲ ድኅነትና፡ ክቡር ደሙ ዘፍሰሰሉ እዋን ኣኺሉ። መንግሥቲ ኣምላኽ፡ ኣብ መንጎና ዝቆመሉ ጊዜ ስለዝኣኸለ ኢዩ፤ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ፈተውትን ጸላዕትን ኵነቱን መልእክቱን ዝገለጸ።

ብኸምዚ ንጉሥ ሰማይን ምድርን መንነቱ ኣፍለጦም። መንነቱ ምስፈለጡ፡ ወይ ከም ጴጥሮስ ሐዋርያኡ *"ንስኻ ወዲ እቲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ"* ክብልዎ ወይ ከዓ "ስቀሎ" ክብሉ ግድን ኢዩ ነሩ።

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንኢየሩሳሌም ብዝኣተወሉ ኣገባብ ገይሩ፥

1. እቲ ኵላቶም ብትምቢት ዝፈልጥዎ ዝነበሩ፡ ብዛዕባኡ ዝተጻሕፈ *"ንኢየሩሳሌም ንጉሥኪ ለዋህ ኣብ ኣድግን ኣብ ገልገል ኣድግን ተወጢሑ ናባኺ ይመጽእ ኣሎ በልዋ (ማቴ. 21፡5፤ዘካ.9፡9)* ዝተባህለ ምእንቲ ክርጸም፣
2. ሆሣዕና! ሕጂ ኣድኅን ዝብል ጭርሖታት ከዓ መለኮታዊ ባህርዩ ዘመልክት ነበረ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ጥራሕ ኢዩ ከድኅን ዝኽእል።

ስየ ሆሣዕና፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ናይ ዓወት ምልክት ኢዩ። ስምዖን መቃቢስ ብዓወት ንኢየሩሳሌም ክአቱ ከሎ ሆሣዕና ሰሲያም እናኣወዛወዙ ተቀበልዎ። (2 መቃ 10፡ 7)

ሰብአ ሰገል *"እቲ ዝተወልደ ንጉሥ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ"* (ማቴ.2፡1-2) ኢሎም ንዘናድይዎ *"እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ንጉሥ ቡሩኽ ኢዩ"።(ሉቃ.9፡28)* እናበሉ ንጉሥ እስራኤል (ዮሐ.12፡13) ምዃኑ ገለጹ።

መድኃኒ ንጉሥ፡ ዘድኅን ንጉሥ ከምዃኑ፡ ከዓ ሆሣዕና ሕጂ ኣድኅን ብማለት ገለጹ።

ፈሪሳውያን ነዚ ክጻወሩ ዘይከኣሉ *"ንኣርድእትካ ስቅ ኣብሎም"* (ሉቃ19፡39) ክብልዎ ተረኽቡ።

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ከዓ፡ ሰባት ስቅ እንተበሉ፡ ባህርያዊ ነገራት፡ ንመለኮቱ ክገልጹ ከምዝኽእሉ ብምምልካት፡ *"ኣርድእተይ ስቅ እንተበሉ፡ እዚ ኣእማን ክጭርሕ ኢዩ በሎም" (ሉቃ.39፡40)* ትሪ ልቢ ሰብ ካብ እምኒ ከምዝገድድ ዘመልክት ኢዩ።

**ትሪ ልቢ ሰብ፣**

- ን ሆሣዕና ዝብል ጭርሖ፡ ናብ ስቀሎ
- ን ንስየ ሆሣዕና ድማ ኣብ ሠናትን ኣባትርን ክሳብ ምቅያር በጺሑ።

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንኹሉ ስለዝፈልጥን፡ ጊዜኡ ስለዝበጽሐን፡ብ ሆይታ ሆሣዕና ናብ መስቀል ገጹ ብምስሐብ፡

- ብሊቃነ ካህናት ክኸሰስ
- ብይሁዳ ክሽየጥ
- ኣብ መገዲ ክዳውንቶም ዘንጽፉ ዝነበሩ፡ ገዛእ ክዳኑ ገፈፎም ጥርሑ ክሰቅልዎ ምኺኖም፡ ይፈልጥን ንኣኡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ገሩ ይጕዓዝን ነበረ።

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ናብታ ከትማ (ኢየሩሳሌም) ቐሪቡ ምስ ረአያ ከዓ ከምዚ ኢሉ ኣልቀሰላ። *"እየ ንስኺ በዚ መዓልቲ'ዚ ንሰላምኪ ዝኾውን ነገር ፈሊጥክዮ እንተተኾነ፣ ሕጂ ግና ካብ ዓይንኺ ተኸዊሉ ኣሎ" (ሉቃ 19፡41-42)*

ክርስቶስ ከምዚ ኢሉ ዘልቀሰ፡ ክበጽሖ ንዘለዎ መከራ ርኢዩ ዘይኮነ፡ ምእንቲ'ቶም ከድኅኖም ኢሉ መጺኡ ከሎ፡ ልቦም ኣትሪሮም ምስማዕ ንዝአበዩ ኢዩ ነሩ። እዚ፡ መስቀሉ ተሸኪሙ ንቀራንዮ ክኸይድ ከሎ *"ምእንቲ ርእስኽንን ምእንቲ ደቅኽንን ብኽያ እምበር ብዛዕባይስ ኣይትብኽያ"* (ሉቃ 23፡ 28) ብዝበለን ይርጋገጽ።ኣብታ ከተማ ክወድቅ ዝነበሮ ጥፍኣትን መቅጻዕትን ተራእይዎ በኽየላ።

ንፍቅሪ ኣምላኽ ምንጻግ፣ ንድኅነት ምቅዋም፡ ንኣምላኽ ክንደይ ከምዘሕዝኖ ዘመልክት ኢዩ። እተን ዘይርእያ ኣዕንቶምን ዘይሰምዓ ኣእዛኖምን እየን ንዓዕይንቲ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዘንብዓ።

***ኣብ ዓለምና ሠለስተ ተደጋገምቲ ጊዜያት/ነገራት ይርከባ።***

- ኣምላኽ ብጸጋኡን ብበረኸቱን ዝበጽሐና ጊዜ፡
- ንኣምላኽን ንፀጋኡን በረኸቱን ንነጸገሉ ጊዜ
- ብሰንኩ መቅጻዕቲ ዝወርደሉ ጊዜ

ኣብ ትሪ ልብናን እምቢትነትናን ኢና ጥፍኣትና ዘሪእና መቅጻዕቲ ነፍሪ።

ከምቲ ብትሪ ልቦም ከተማኦም ዘዕነዉ፡ ካብ ኣምላኾም ዝተፈልዩ፣ ንህያብ ድኅነትና ብምንጻግ ካብ ነምጽኦ ዘለዓለማዊ ጥፍኣት ክንድኅን፡ ካብ ሎሚ ውራይ ድኅነትና ንግበር።

ብሰሙን ሕማማት ዝፍጸም ዓበይቲ ጕዳያት ድኅነትና ኣስተንቲና፡ ንኣና ንምድኃን እቲ ኹሉ መከራ ንዝተቀበለ ክርስቶስ፡ ኣብ ምድኃና ነዓውቶ።